Mrs. Vickie B. Turner፡ ኣደ መንበር ቦርድ
Mr. Diijon DaCosta፡ ተሓጋጋዚት ኣደ መንበር
Mrs. Anna Hill
Mr. Marshall D. Orson
Mrs. Deirdre Pierce
Mrs. Allyson Gevertz
Dr. Joyce Morley

DeKalb County School District

Mrs. Cheryl Watson-Harris፡ ዋና ኣማሓዳሪት

**ብህጹጽ ዝውሃብ ሓበሬታ**

12 ጥሪ 2021

**ተጸዋዒ ኣካል፥**
Portia Kirkland, 678-427-4898
Carla Parker, 404-734-1717

# DeKalb County School District፡ ንዳግማይ ምኽፋት ትምህርቲ የደናጉዮ

STONE MOUNTAIN, Ga. – DeKalb County School District (DCSD)፡ ንግዜ ምምላስ ናብ ትምህርቲ የደናጉዮ ኣሎ። ተማሃሮ፡ ዕለት 19 ጥሪ፡ ገጽ-ን-ገጽ ናብ ዝውሃብ ትምህርቲ ኣይክምለሱን እዮም።

ዋና-ኣማሓዳሪት DCSD ዝኾነት Cheryl Watson-Harrisን ጉጅለኣን፡ ኣብቲ ዕለት 11 ጥሪ ኣብ እተኻየደ ኣኼባ ቦርድ ትምህርቲ (Board of Education)፡ ብዛዕባ ውጥን ዳግማይ ትምህርቲ ዘባ ዝምልከት እዋናዊ ሓበሬታ ሂቦም እዮም። እዚ ውሳኔታት፡ ንክብደት ኮቪድ-19ን ንጥፈታት ምስትምሃርን ምምሃርን ንኽይካየድ ዝግበር ምዕጻው ኣባያተ-ትምህርትን ኣብ ግምት ብምእታው ብጥንቃቐ እተዋህበ እዩ።

ስድራቤታት፡ ኣብቲ እተወጠነ ዕለት ንደቀን ብኣካል ናብ ዝውሃብ ትምህርቲ ቅድሚ ምስዳደን ናይ ክልተ-ሰሙን ምልክታ ክውሃበን እዩ። ዘባ፡ ኣብ ትግባረ ስትራተጂታት ምክልኻልን ምድላዋት ኣብያተ-ትምህርትን ከተኩር እዩ። ቤት ጽሕፈት ኦፐሬሽን፡ ድልውነት ኣብያተ-ትምህርቲ ንምፍላጥ ቀንዲ ኣሃዱታት ቍጽጽር ብቐጻሊ ኸካይድ እዩ።

- ውልቃዊ መከላኸሊ ናውቲ (Personal Protective Equipment (PPE)) ከምኡውን ቀረባት ንጽሕና
- ምዝርጋሕ ቀረባትን ኣገባባትን ጽሬት
- ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ዘለዎ ስርዓት ኮፍ-መበልን ክፉት ቦታን
- ቀረባት ማይ
- ምግጥጣም ሻምብቆ ከምኡውን ስርዓታት HVAC
- ኣብ ኮቪድ-19 ዘተኮረ ምልክታት ድሕነት ቤት ትምህርቲ

እቲ ቐዳምነት፥ ኩሎም ሰራሕተኛታትን ተማሃሮን ኣብ ትምህርቲ ውሑሳት ክኾኑን ህንጻታት ኣብያተ-ትምህርቲ DCSD ድማ ድሕነት ከምዝህልዎን ምግባር እዩ። እዚ ድማ ንመጠን ሓደጋ ኮቪድ-19 ብዝያዳ ከምዝጕድል ንዝገብር ብማእከል ቁጽጽርን ምክልኻልን ሕማማት (Center for Disease Control and Prevention) ንእተዋህበ ሓሙሽተ ቀንዲ ስትራተጂታት ምክልኻል ምኽታል ዘጠቓልል እዩ፣ እዚ ዝስዕብ እዩ፥

- ስሩዕን ትኽክለኛን ኣጠቓቕማ መሸፈኒ ገጽ
- ብዝተኻእለ መጠን፡ ክንዲ'ቲ ክትርሕቖ እትኽእል ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ምግባር
- ምሕጻብ ኣእዳው
- ጽሬት ምሕላውን መንጽሂ ፈሳሲታት ምግባርን
- ምስ ቦርድ ጥዕና (DeKalb Board of Health) ብምትሕብባር፡ ኣሰር ሕሙማት ምርካብ

ዞባ፡ ሓሙስ፡ 14 ጥሪ 2021፡ ካብ ሰዓት 6 ክሳዕ 7 ድ.ቐ፡ ማንዛዊ ኣኼባ ወለዲ ምስ ዋና ኣማሓዳሪት Watson-Harris ኽካይድ እዩ።

ብዛዕባ ውጥን ዳግማይ ምኽፋት ትምህርቲ ዝምልከት ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንwww.dekalbschoolsga.org/school-reopening ከፊትኩም ርኣዩ።

Robert R. Freeman Administrative Complex
1701 Mountain Industrial Blvd. | Stone Mountain, GA 30083
678.676.1200 | www.dekalbschoolsga.org